

## ሓጺር ታሪኽ ህይወት
## ኣቶ የዕብዮ ኣብርሃም (1947 – 2014)

ሓውናን ኣቦናን ኣቶ የዕብዮ ኣብርሃም ብዝሓደሮ ሕማም ብዕለት 28 ነሓሰ 2014 ኣብ 67 ዓመቱ ኣብ ከተማ ላቫል (Laval - Montreal) ብሞት ተፈልዩና።

ኣቓዲምና ንኹሉኹም ካብ ቀረባን ርሑቕን መጺእኹም ኣብ ስነስርዓት ቀብሪ ሓውና ኣቶ የዕብዮ ኣብርሃም ዝተረኸብኩምን፡ ብስልክን ብኢመይልን ዘጸናናዕኩምናን፡ ብፍላይ ከኣ ማሕበረኮማት ናይ ሞንትረያልን ኦታዋን ቶሮንቶን በቲ ናይ እኽለማይ ምትሕግጋዝ ዝገበርኩምልና፡ሕሰም ኣይትርከቡ እንዳበልና ልዑል ምስጋና ነቕርብ፡፡ 'ኣሕዋቱ መሓሪ ኣብርሃምን፡ ጠዐመ ኣብርሃምን ምስ ስድራብቶም፡ በዓልትቤቱ ወይዘሮ ደኒስ ብሉዊን (DENISE BLOUIN)፡ ደቁ ዳኒኤል የዕብዮን ዳዊት የዕብዮን (DANIEL YEBIYO and DAVID YEBIYO).'

ኣቶ የዕብዮ ኣብርሃም ካብ ኣብኡ ኣቶ ኣብርሃም ኣበራን ካብ ኣዲኡ ወይዘሮ ኣማረሽ ኪዳነን ብዕለት 15/ 04 / 1947 ዓመተ ምህረት ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወልደ። ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕብረት ኣብ ኣስመራ ድሕሪ ምውድእ፡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምኻድ ካብ ታሽዓይ ክፍሊ ክሳብ ዓስራይ ክፍሊ ትምህርቱ ቀጸለ። ድሕሪ'ዚ ኣብ ባህርዳር ፖሊተክኒክ ትምህርቱ ንኣርባዕተ ዓመት ድሕሪ ምክትታል ኣብ 1968 ብከሚስትሪ ዲፕሎማ ተመረቐ። ካብ 1968 ክሳብ 1976 ከም ኣካያዲ ምምስራሕ ሽኮር ኣብ ወንጂ ሽኮር ፋብሪካ ሰርሐ። በቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ተገዲዱ፡ ብ1976 ናብ ካናዳ ንስደት ኣምረሐ። ካብ 1977 ክሳብ 1981 ኣብ ከተማ ሞንትረያል ኣብ ኮንኮርድያ ዩኒቨርሲቲ (Concordia University) ትምህርቱ ብምቕጻል ብከሚስትሪ ብዲግሪ ተመረቐ። ካብ 1982 ክሳብ 2010 ከም ናይ ቅብኣ (Paint) ከሚስት ምስ Dural Paint Inc. ኣብ ሞንትረያል ካናዳ ሰሪሑ።

ኣቶ የዕብዮ ኣብራሃም በቲ ዝነበሮ ልዑል ሃገራውነት፡ ምሉእ ናይ ስደት ዕድሜኡ ከም ኤርትራዊ ብተገዳስነት ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዝተፋላለየ ኣገባብ ተሳቲፉ እዩ። ከም ግለሰብ ከኣ ምቕሉልን ሕውስን ኮይኑ፡ ብዘላቶ ዓቅሚ ክሕግዝን ክሕብሕብን በሃላይ እዩ ነይሩ።

ልዑል ምስጋናይ ተቐበሉ
መሓሪ ኣብርሃም

---

## OBITUARY
## Mr. Yebiyo Abraham (1947 -2014)

Our beloved brother Mr. Yebiyo Abraham passed away due to illness on August 28, 2014 at the age of 67 years in Laval (Montreal), Canada.

We would like to express our gratitude to all family members, friends, and community members who attended the funeral service and expressed their condolences through telephone and emails. We convey our special gratitude to the community members from Montreal, Ottawa, and Toronto for organizing and facilitating the funeral service reception. – Mrs. Denis Blouin, Daniel Yebiyo, David Yebiyo, Mehari Abraham, Teame Abraham and families.

Yebiyo was born in Asmara, Eritrea to his father, Mr. Abraham Abera, and his mother, Mrs. Amaresh Kidane, on April 14, 1947. Once of age, he attended Hibret Elementary School in Asmara, a secondary school in Addis Ababa, Ethiopia, and college at the Bahr Dar Polytechnic Institute for four years. In 1968, Yebiyo graduated from Bahr Dar Polytechnic Institute with a diploma in industrial chemistry. From 1968 to 1976, he worked as a sugar processing supervisor at the Wonji Sugar Manufacturing Plant in Ethiopia. Due to the prevailing political situation in Ethiopia, Yebiyo immigrated to Canada in 1976. From 1977 to 1981, he attended Concordia University in Montreal and graduated with a bachelor degree in chemistry. From 1982 to 2010, he worked as a chief paint formulator chemist chemist with Dural Paint Inc. in Montreal, Canada.

Yebiyo was a dedicated patriotic Eritrean and he was part of the of Eritrean diaspora movement in North America during the Eritrean struggle for independence period. As a person, Yebiyo was outgoing, friendly, and helpful. We will miss him greatly.

Thank you.
Mehari Abraham